# ደቂ 61 ተቀበሉ ሰላምታ

ብ ፍረወይኒ ባይረ/ ጀርመን

1.09.2010

ጀማሪ ናይ ሰዉራ ጂግና ወዲ ዓወተ
ብሓደ መስከረም ቓልሲ ዝመስረተ
ምስ'ዚ ተባዕ ህዝቢ ባሓባር መከተ

መስከረም ዕንባባ በሊ ተዘከሪ
ዝጠመየ ከብዲ ትዕንግሊ
መርሃዊት ጸበባ ብርሃን ተቐብሊ

ብትብዓት ጀሚሩ ምስ ሒደት ብጸቱ
ጎቦ ኣዳል ነይሩ መጀመርያ ዓወቱ
ማሕታ ዝተኮሰ ከርዕድ ጸላእቱ

ብሓደ መስከረም መጀመርያ ባሕቲ
እዛ ዕንባባ ዕለት ካብ ኩለን ምርጽቲ
ኣባሳሪት ሰላም እዛ ለምለም ሰቲ

ልዕሊ ሚእቲ ዓመት ብጭቆና መግዛእቲ
ተገሪፍና ለይቲ ምስ ማዓልቲ
ዘራይ ኣይረኸብናን ዝኾዉን ሞጓቲ

ብገዛእ ሃገርና ለመንቲ መሲልና
ብገዛእ መሪትና ብገዛእ ርስትና
ብሰንሰለት መግዛእቲ ብኹቱር ጩቆና
እተበስር መጸት ባሕቲ መስከረምና፣

ነይሮምና ጀጋኑ ነቅ ዘይብል ልቦም
ኣይግዛእን እንቢ ኢሎም እዮም መኪቶም
ዘላኣለም ዝኽሪ ይኹን ንዓዓቶም

ደቂ 61 ተቀበሉ ሰላምታ
ሸዉዓተ ኣናብስ ሃገር መፈለምታ
አብዓሽራ ሒዞም ዝጀመሩ ማሕታ

ነዚ ጽንኩር ብትብዓት ሰጊሮም
ኣብ ጎቦታት ስንጨሮ ኣብ ደገ ሓዲሮም
ብጡሙይ ከብዶም ሕሰም ተሳጊሮም

መን ነይሩ ኣጆኻ ዝበለካ
ከም ደቂ ኣራዊት ኩሎም ክሃዱኑኻ
ጽንዓት ነይሩ ንዕሊ ኩሉ ዕለታዊ መግብኻ

ዓለም ገሪሙዋ በቲ ቂያ ናትካ
ስግኣት ሓዲሩዎም ተንኮል ክኣልሙልካ
ዕጂብ ከይበለካ ንቂድሚት ሶጊምካ

ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ወረኻ ገኒኑ
ማእለያ ዘይብሎም ኣፍሪኻ ጀጋኑ
ኣሰርካ ዝኸተሉ ብህዝቦም ዝሓሙ

ኣሰር ናይ እግርኻ ተኸቲልና
ወዲ ይኹን ጓል ብሓባር መኪትና
ማእለያ ዘይብሉ ዓወታት ሓፊስና

ኒዚ ጽንኩር ኩነታት ሰጊርካ ብትብዓት
መን ነይሩ ምሳኻ ኣብታ ጸባብ ሳዓት
መን ከ - ገበረልካ ቀብሪ ስነስርዓት

ናይ ትማሊ ይዘከር ጸልማት ምስ ደላህመት
ብገዛእ ሃገርና ተፈኡና መሪየት
ተቀንጺሉ ህዝብና ብኻራ ብብረት

እዚ ኩሉ ግፍዕታት ይሕሊፍና
ናጻነት ክንጽብ ብዙሕ ሃንቀዉ ኢልና
ሕድሪ ዝጠልሙ ተኺሉ ኣጥሪና

ብትዓት መኪትና ክነዕቅብ ሃገር
ፋሕ ብትን ኣቦሉና ባዓል ፈገር መገር
ንህዝቦም ዘይሓልዩ ሱሱዓት ተኺሉ
መንእሰይ ዝህልቑ ንረበረሖኦም ክብሉ

መን ከ በሊጽ ካብ መን ተመሪጹ
ዲክታቶር ኣብ ሊዕለና ንመሰልና ረጊጹ
ብደምና ክጻወት መሪየት ኣናዊጹ

ርጉም መራሒ ሱሱዕ ዒላ
ኩርኺሕ ግዝኣቱ ሩጉም ተኹላ
ምዕባይ ሸይጣን መሰታ መንግስቱ
ምንኣስ ኢድኣሚን ይፈለጥ ብልሓቱ

ሩጉም ተምኪሕተኛ ኣረመናዊ ስርዓት
ንህዝብኻ ኮንካ ዘይሓዊ መንድዓት
ሓዊ ይቲኻልና ዘይወጽእ ማዓት

በሉ ቅሰኑ ኩሉኹም ጀጋኑ
ምእንቲ እዚ ሃገር ሓመድ ዝተደፍኑ
ጸልማት ንኽቅንጠጥ እነሆ ባና ኮይኑ

በሉ ክነግረኩም ብስራት ናይ ሎሚ
ዕላማኹም ክዕወት ክረክብ መዛዘሚ
ዋዕላ ተጋቢኡ ኣይኮነን ከም ዓሚ

ንዲሞክራስያዊ ለዉጢ ዝሓቆፈ ዋዕላ
ኣፋላላይ ዘይብሉ ኩሉ ብሓበራ
ዕላማኹም ክዕወት ኩኸዉን ኣዝመራ

ዘላኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ጀጋኑ
ሰላምን ቅሳነትን ንህዝቢ ኤርትራ